# ሓድነት ደለይቲ ፍትሒ
# ዓወት ህዝብና ኢዩ

1ይ ክፋል

ብ/ኣማን ሰላም



ከመይ ነይሩ ኢቲ ወዕሎ
ስቓይ ህዝብና ዘተነግሮ
ዓለም ዝሰምዖ ዘቃለሖ ዝመስከሮ

ናይቶም ዘይ-ሰብ ድንቁርና
ዝበሉ ዲክታቶር ይሕሸና

ዕለት 26 ውዕሎ ታሪኽና
ሰብ ፍትሒ ክብሉ ሓርነትና
ንድሕነት ሃገርና ህዝብና

ጉዕዞ ሓድነት ደለይቲ ፍትሒ
ናብ ሰላም ናብ ሓርነት መራሒ




ደለይቲ ፍትሒ
ሓድነታዊ ናይ ሓባር ድምጽኹም
ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝመጻእኩም
ብሓንቲ ቃል እምቢ ንምልኪ ዝበልኩም
ንድሕነት ህዝብኹም ሃገርኩም
ሸበድበድ ኣእትይሎም ጸላእትኹም

ብፍላይ ናይ ህግደፍ (22)+(ዘይ-ሰብ) ስለያ
ዓቅለን ጸቢብውን ብኹሉ ክዳሃያ
ሓይሊ ደላይ ፍትሒ ምስ ራኣያ
ብጽሑፍ ኮይኑ ጉያ ጉያ

እንታይከ ዘይበላ ንኸፈላሊያ
ዘይኮነ ክውን ንኸገብራ ኣለዋ የእዉያ
ብመስከረም መሸረፍት ኔት ኣማስያ
ሕቡራታት መንግስታ ይብላ ኢዳ የእቲያ!!!




እንታይ ኢዩ ጸገምም ህግደፍ ሽፋቱ
ንረብሓ ስልጣኖም ህዝቢ ክጽንቱ
ሃገር ብሃገራ ኣለዉ የጸልምቱ
እቶም ንሱ ናሕና ብደውም ዝሞቱ
እንታይ ክንክዉን ኢዮም ዘለዉ ዝማጎቱ

ጉዳይ ህዝቢ ዓለም ኣይፈለጠ ክብሉ
ኢድካ ምእታው ኢሎም ክንጸርጽሩ
ንህዝብና ዳኣ መን ይሕለየሉ
ደለይቲ ፍትሕ በጃ ክሓልፈሉ
ዓው ኢልናዓለም ነስማዓሉ
ፍታሕ ክንረኽበሉ

ገባቲ ስርዓት ዝጠፍኣሉ
ቅሳነት ሰላም ራህዋ ዝኾነሉ
ኣብ ኤርትራና ሰላም ዝሰፍናሉ

ክብርኽን ዝኽርን ንጀጋኑ ሰዉኣትና
ዓወት ንውጹዕ ህዝብና

ይ ቅ ጽ ል
ደንበ ኣማን ሰላም
ከሰላ ሱዳን